# መንበሪ ፍቓድን ምቕባል ዜግነትን

**ንነዊሕ እዋን ኣብ ስዊስ ንምንባርን ንምስራሕን: ሓደ ናይ መንግስቲ ፍቓድ ይድሊ።እዚ ፍቓድ በብዓነቱ ግዝያዊ ፍቓድ ወይ ነባሪ ፍቓድ ተባሂሉ ይፈላለ።**

## ናይ ፍቓድ ዓይነታት

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊስ ዝሰርሕ ወይ ልዕሊ 3 ወርሒ ዝቕመጥ: ሓደ መንበሪ/ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልዮ። እዚ ካብ ናይ ካንቶን ናይ ስደታኛታትን መሰል ዜግነትን (Amt für Migration und Bürgerrecht) በዓል ስልጣን ይወሃብ። እዚ ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ( 1 ዓመት) ወይ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ( ንዝተወሰነ ግዜ) ወይ ከኣ ነባሪ/ቀዋሚ (ዘይተወሰነ ግዜ) ፍቓድ ክኸውን ይኽእል ከምኡውን ናይ ምስግጋር ዶብ ፍቓድ።

- ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ (L):እዚ ፍቓድዚ ንሓጺር ዝተወሰነ ግዜ ( መብዛሕትኡ 1 ዓመት) ንሓደ ፍሉይ መደብ ኣብ ስዊስ ዝጸንሑ ዝወሃብ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU-/EFTA-ሃገራት: ብስራሕ ምኽንያት ንሰልስተ ክሳብ ሓደ ዓመት ( ናይ ስራሕ ውዕል) ዘቕርቡ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ።
- ግዝያዊ ፍቓድ (B): እዚ ፍቓድዚ ንዝተውሰነ ግን ነዊሕ ግዜ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU/EFTA- ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ክጸንሑ ከምዝኾኑ እንተኣረጋጊጾምን: (ናይ ስራሕ ውዕል) እንተኣቕሪቦም : እዚ ዓይነት ፍቓድ ክወሃቡ መሰል ኣለዎም። እዚ ዓይነት ፍቓድ: ንዜጋታት EU/EFTA- ንሓሙሽተ ዓመት ይወብ። ንካልኦት ግን ንሓደ ዓመት ጥራይ ይወሃብ። ድሕሪዚ ግን መናውሒ ግዜ ፍቓድ ይሕተት። እዚ ናይ ምንዋሕ ሕቶ ቅድመ-ኩነት ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ ንኣብነት: ናይ ጀርመን ቛንቛ ትምህርታ ስልጠና ንምብጻሕ።ነዚ ንምንዋሕ ረቛሒታት ስለዘየልኡ ኣይፍቀዱን እዩ። ናይ መንበሪ ፍቓድ ንከይንዋሕ ዝዕንቅፉ ምኽንያታት: ዕዳ ወይ መቕጻዕቲ ገበን ምስዝህልወካ ወይ ካብ ሓገዝ ሶሻያል ተጠቃሚይ እንተኮንካ። እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ብዘይምቍራጽ ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተ ጸንሐ ኢዩ ዝውዳእ። ብወግዒ ዝተቐበሉ ስደተኛታት ናይ B መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም።
- ናይ ስዊዝ መንበሪ ወረቐት/መዕረፊ (መስፈሪ)ፍቓድ ሲ(C) Niederlassungsbewilligung C (Ausweis C)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ን 5 ወይ 10 ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ (ምንባር) እዩ ዝወሃብ። ኣብዚ እውን ን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ ( EU/EFTA) ን ካብ ሳልሳይ ሃገራት ዝመጹ ሰባት ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነት ይሕተት እዩ። ናብ ወጻኢ ሃገር ክትግዕዝ ከለኻ ኣብ ትሕቲ እተወሰነ ኹነታት እቲ ፍቓድ ንኣርባዕተ ዓመት ኪዕቀብ ይከኣል እዩ። ነዚ ዕላማ እዚ ኣመልኪቱ ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ሲቭላዊ መሰላትን ክቐርብ ኣለዎ።
- ንግዚያዊ ተቐባልነት ዝምልከት መንበሪ ፍቓድ(F): እዚ መንበሪ ፍቓድ ዝወሃቦም ሓተትቲ ዕቕባ ስደተኛታት: ከም ስደተኛታት ብወግዒ ተፈላጥነት ዘይረኸቡ ኮይኖም: ንግዚኡ ክሳብ ኩነታት ከምቲ ዝጠልብዎ ዝኸውን ዕቕባ ዝወሃቡ እዮ። እዚ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓመት ክሕደስ ኣለዎ።

## ናይ ወጻእተኛታት መለለዪ መንነት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይ ወጻእተኛ ካርድ መንነት (Ausländerausweis) ይቕበሉ(ይወሃቦም)። ዓይነት መንነት ካርድ ኣብ ዝተፈላለየ መለክዒታት እዩ ዝምርኮስ። ናይ ክረዲት ካርድ ዝመስል መንነት ካርድታትን ናይ ወረቐት መንነት ካርድታትን(ባዮሜትርያዊ ዘይኮነ ናይ ወጻኢ መንነት ካርድ)ኣለዉ (Nicht biometrischer Ausländerausweis)። ገሊኦም ሰባት ባዮሜትርያዊ መንነት ወጻእተኛ ካርድ ይቕበሉ(ይወስዱ) እዮም። እዚ መንነት ካርድ ናይ ሓበሬታ ቺፕ(Datenchip)፡ ኣሰር ኣጻብዕቲን ከምኡውን ስእሊ(ምስሊ)ኣለዎ። ባዮሜትርያዊ ሓበሬታኹም ኣብ ጽሕፈት ስደተኛታትን መሰላት ዜጋታትን ከተመዝግቡ ኣለኩም። ኵሎም ተዛረብቲ ጀርመን ዘይኰኑ ሓደስቲ ሰባት እውን ናብቲ ብዛዕባ ምምጻኦም ኣገዳሲ ሓበሬታ ዘረኽቡሉ ናይ መጀመርታ ኣኼባ ሓበሬታ ኺዕደሙ እዮም።

## ምንዋሕ ፍቓድ

ከክም ዓይነት ናይ መንበሪ ፍቓድን ናይ ስዊስ መንነትን: እቲ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ግዜ ገደብ መናውሒ ፍቓድ ይግበር። ምንዋሕ ፍቓድ ግዜ ኣብ ዝድለየሉ ግዜ ፎርም/ቅጥዒ (Verfallsanzeige) ትወሃብ። እዚ ፎርም እዚ ብኣስራሒ ኺዛዘምን ኪረጋገጽን ኣለዎ፣ ድሕሪኡ ቅዳሕ ፓስፖርት ቤት ጽሕፈት ወይ ካርድ መንነት (ን EU/EFTA) ሒዝካ ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ዜግነትን (Amt für Migration und Bürgerrecht) ኪለኣኽ ኣለዎ። ገለ ሕቶታት እንተ ኣልዩካ ምስ ምምሕዳር ከተማ መንበሪ ወይ ምስ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታትን ሲቪላዊ መሰላትን ተራኸብ።

## ስርዓታዊ ምቕባል ዜግነት

ኣብ ስዊዘርላንድ ንዓሰርተ ዓመት ዝጸንሐ ዝኾነ ይኹን ሰብ ፈደራላዊ ፍቓድ ተፈጥሮኣዊ ዜግነት ንምርካብ ኪመልክት ይኽእል እዩ። ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ 8 ኽሳዕ 18 ዓመት ኣብ ዘሎ ኽሊ ዕድመ ዝሕለፍናዮ ዓመታት ክልተ ሳዕ እዩ ዚቑጸር። ባህርያዊ ንምኽን ዜድሊ ኣገዳሲ ቐንዲ ነገራት እቲ መንበሪ ዚነብረሉ ዝነበረ እዋን ምፍጻም ቋንቋ ጀርመን ምቍጽጻር ምትሕንፋጽ ከምኡውን ጽቡቕ ገንዘባውን ሕጊ-ገበናውን ስም ምርካብ እዩ።

## ዝቐለለ ተቐባልነት ዜግነት

ቀሊል ዝበለ ምቕባል ዜግነት ጥራይ ብፍልይ ዝበሉ ሕጋውያን ኩነታት ቀንዲ ጥራይ ንወጻእተኛታት ሰብ ሓዳር ስዊዘርላንዳውያን ወይ ከኣ ንተወላዲ/ት ካብ ስዊዘርላንድ ዝበቘለ ወለዲ ክፉት እዩ። ተፈጥሮኣዊ ምቕባል ዜግነት ንምቅልጣፍ ኮንፌደሬሽን/መንግስቲ ጥራይ እዩ ብዛዕባኡ ዚውስን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselland.ch/ti/good-to-know/residence-permit